አም እንተወደቐ ፡ ኣብ ጉንዲ ወደቐ
—ዛፍ ቢወድቅ ግንዱ ላይ

አም አም ይመስል ፡ ሰብ ሰብ ይመስል
—ዛፍ ዛፍን ይመስላል ፡ ሰው ሰውን ይመስላል

ኦሪት ሓሊፉ ፡ ወንጌል ተፃሒፉ
—ኦሪት አልፎ ፡ ወንጌል ተፅፎ

# ከ

ከሊሔናኻስ ፡ ሽጉርቲ ይብላኻ
ቆርጠውህ ፡ ሽንኩርት ይሉሃል

ከልቢ ሓዊ ይፈቱ ፡ ጉንዲ ከምዘእቱ
—ውሻ እሳት ይወዳል ፡ ግንድ ያመጣ ይመስል

ከልቢ ብእግሪ ምውቃዕ ፡ እንካ ስጋ ብላዕ
—ውሻን በእግር መምታት ፡ እንካ ስጋ ብላ

ከልቢ ብዝቐደዶ ፡ ዝብኢ ይኣቱ
—ውሻ በቀደደው ጅብ ይገባል

ከልቢ ኣብ ትሕቲኡ ዘሎ ብሒቑ እምበር ፡ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎ ሓኺሊ ኣይርእይን
—ውሻ ከስሩ ያለውን ሊጥ እንጂ ፡ ከላዩ ያለውን ዱላ አያይም

ከልቢ ከይፀዋዕካዩ ይመፅእ
—ውሻ ሳይጠሩት ይመጣል

ከልቢ ክነኽሰካስ ሰብዶ ነይሩ? ባዕለይ ደው ኢለ
—ውሻ ሲነክስህ ሰው ነበር? ራሴ ቆሜ

ከልቢ ዓደሕማስ ፡ ክቡር
—የአማቶች ውሻ ፡ ክቡር

ከልቢ የፍስስ ፡ ድሙ ትልሕስ
—ውሻ ያፈስ ፡ ድመት ትልስ

ከልቢ ጎይትኡ እምበር ፡ ጎይታ ጎይታኡ አይፈልጥን
—ውሻ ጌታውን እንጂ ፡ የጌታውን ጌታ አያቅም

ከልብን መዓልትን ፡ ከይፀዋዕካዮ ይመፅእ
—ውሻና ቀን ሳትጠራው ይመጣል

ከልአኒ የኸልእ ፡ ፀልአኒ የፅልእ
—ከለከለኝ ያስከለክላል ፡ ጠላኝ ያስጠላል

ከመይኢኻ አይትበሎ ፡ አብ ገፁ ረአዩ
—እንደምነህ አትበለው ፡ ፊቱን እየው

ከመይ ወዓልኪ ሐዳስ ፡ ክሳዕ ዝንቅዕ ዳስ
—እንዴት ዋልሽ ሐዳስ ፡ እስከሚደርቅ ዳስ

ከመይ ወዓልኪ ንሓብቲ ፡ ጉንዲ ንሰበይቲ
—እንዴት ዋልሽ ለእህት ፡ ግንድ ለሚስት

ከም ሃገሩ ይነብሩ ፡ ከም ውሕጁ ይሳገሩ
—እንደ አገሩ ይኖሩ ፡ እንደ ወንዙ ይሻገሩ

ከም ልቢ የልቦን ነዳዲ ፡ ከም ልቢ ድማ የልቦን በራዲ
—እንደ ልብ የሚነድ የለም ፡ እንደ ልብ የሚበርድ የለም

ከም መርከብ ሸፊንካ ፡ ከም እንቋቑሖ ደፊንካ
—እንደ መርከብ ሸፍኖ ፡ እንደ እንቁላል ደፍኖ

ከም ማይ ዘሊቓ ፡ ከም ጣፍ መሊቒ
—እንደ ውሃ ዘልቃ ፡ እንደ ጤፍ ሾልካ

ከም ምስማዕ ከም እዝኒ ፡ ከም ምርአይ ከም ዓይኒ
—መስማት እንደ ጆሮ ፡ ማየት እንደ አይን

ከም ሰርፀ ዮናስ ስርዓት ፡ ከም አገልድም ኩርዓት
—ስርዓት እንደ ሰርፀ ዮናስ ፡ ኩራት እንደ ሽርጥ

ከም ሰብ ትመፂ ፡ ከም አራዊት ትነፍፂ
—እንደ ሰው ትመጪ ፡ እንደ አውሬ ትፈረጥጪ

ከም ሰዊት ፈልፊለ ፡ ከም ዘንጊ መልሚለ ፡ አዕብየ አምሲለ
—እንደ እሸት ፈልፍዬ እንደ ዘንግ መምልዬ ፡ አሳድጌ አድርሼ

ከም ሳዕሪ ዓቲሮም ፡ ከም ጓህሪ ቃቒሮም አእትዮሙኒ አብ ማሕበሮም
—እንደ ሳር ጨብጠው ፡ እንደ ፍም ቆንጥጠው አስገቡኝ ከማህበራቸው

ከም ቀደም ይመስለክን ፣ ውሕጅ ይወስደክን
—እንደድሮ መስላችሁ ፣ ጎርፍ እንዳይወስዳችሁ

ከም አሕዋት ኳንካ ተባላዕ ፣ ከም ጓና ኳንካ ተቐየፀር
—እንደ ወንድማማቾች አብረህ ብላ እንደ ባዳ ተሳሰብ

ከም አቦኻ ይግበርካ ፣ አይመርገም አይምርቃ
—እንደ አባትህ ያድርግህ ፣ እርግማንም ምርቃትም አይደል

ከም ኢድካ ፣ ትፀንሐካ
የእጅህ ፣ ትቆይሃለች

ከም እዝጊ አሚኑ ፣ ከም ሰብ ለሚኑ ፣ ይአኽለኒ አይደልን ሕነ
—እንደ እግዚሄር አምኘ ፣ እንደ ሰው ለምኘ ፣ ይብቃኝ በቀል አልፈ ልግም

ከም ካህን አናዚዝካ ፣ ከም ንጉስ አዚዝካ
—እንደ ካህን አናዘህ ፣ እንደ ንጉስ አዘህ

ከም ወይኒ መልሚሉ ፣ ከም ዕንፀይቲ ተኺሉ
—እንደ ወይን መልምየ ፣ እንደ እንጨት ተክየ

ከም ወዲ ፀሚቒትሲ ፣ ንዓይ የስትየኒ
—እንደ ጠላ ጠማቂ ልጅ ፣ እኔን ያጠጣኛል

ከም ውዕለይ ፣ ደገዝማቲ ባዕለይ
—እንደ ውሌ ፣ ደጃዝማች ራሴ

ከም ዐበይቲ ሙኩት ይሓርዱ ፣ ከም ቈልዑ ሽንቶም ይሕፀቡ
—እንደ ትልቆች ሙክት ያርዳሉ ፣ እንደ ህፃናት በሽንታቸው ይታጠባሉ

ከም ዑፍ በራሪ ፣ ከም ማንቲለ ዘላሊ
—እንደ ወፍ በራሪ ፣ እንደ ጥንቸል ዘላይ

ከም ዘቐመጠ ፣ ሕቐፍኒ ኢሉ አንቀጥቀጠ
—እንዳስቀመጠ ፣ እቀፊኝ ብሎ ተንቀጠቀጠ

ከምዘይተሓባእና ፣ አዛብእ ወድኡና
—እንዳልተደበቅን ፣ ጅቦች ጨረሱን

ከምዝፀልአኒ ይሃርመኒ ፣ ከምዝፈትወኒ ይስዕመኒ
—እንደሚጠላኝ ይመታኛል ፣ እንደሚወደኝ ይስመኛል

ከም ዝፀምኡ ቀላይ የንፅፉ ፥ ከምዝፃልኡ ነፍሲ የሕልፉ
—እንደተጠሙ ባህር ያደርቁ ፥ እንደተጣሉ ነፍስ ያጠፉ

ከም የሕዋት ተዋሃሃቡ ፥ ከም ጓኖት ተሓሳሰቡ
—እንደ ወንድማማቾች ተሰጣጡ ፥ እንደ ባዳዎች ተሳሰቡ

ከም ጋሻ ጥልቕ ፥ ከም ማይ ፍልቕ
—እንደ እንግዳ ጥልቅ ፥ እንደ ውሃ ፍልቅ

ከም ጠበንጃስ ፥ ሰፍኢ ይግበሮ በለ ሽፍታ
—እንደ ጠበመንጃ ሰፌድ ያድርገው ፥ አለ ሽፍታ

ከምኡ ዝገብር ፥ ከምኡ ይግበር
—እንደዛ የሚያደርግ ፥ እንደዛ ይደረጋል

ከረን ዘሎ ንፋስ ይወስዶ ፥ ኣብ ሩባ ዘሎ ውሕጅ ይወስዶ
—ተራራ ላይ ያለ ነፋስ ይወስደዋል ፥ ወንዝ ውስጥ ያለ ጎርፍ ይወስደ
ዋል

ከርሲ ወላዲ ቀጥቀጥ ፥ ከርሲ ውሉድ ቀጥ
—የወላጅ ሆድ ቀጥቀጥ ፥ የልጅ ሆድ ቀጥ

ከርስኻን ውላድካን ኣይፃባእካ
—ሆድህና ልጅህ አይጣላህ

ኰርኳዒ መስሓቒ ፥ ተማቲ መስሓቲ
—ኰርኳሪ አሳቂ ፥ መካሪ አሳሳች

ከሳሲ ኣብ ፥ ሐዊ መላሲ
—ከሳሽ እሳት ፥ ውስጥ ከታች

ከሳሲ ከብዲ ተኸሳሲ እንተዝፈልጥ ፥ ካብ ቤቱ ኣይምወፀን
—ከሳሽ የተከሳሽን ሆድ ቢያውቅ ኖሮ ፥ ከቤት ባልወጣ

ከሳሲ ፥ የብሉን መላሲ
—ከሳሽ ፥ የለውም መላሽ

ከሳሲ ይመርሕ ፥ ልጓም ይገርሕ
—ከሳሽ ይመራል ፥ ልጓም ይገራል

ከሳሲ ደው የብል ፥ ፀዋዒ ውሆይ የብል
—ከሳሽ ያቆማል ፥ ጠሪ አቤት ያሰኛል

ከስዔ ኣደ ፥ ጉራጉራ ከም ዲኖ
—የእናት ሆድ ፥ ዥንጉርጉር እንደ ለምድ

ከበሮ ክትሰምዖ ይምዕር ክትሒዞ ፡ የደናግር
—ከበሮ ስትሰማው ያምራል ፡ ስትይዘው ያደግራል

ከበሮን እንተዘይተሃርመ ፡ ኣበ ስጋን እንተዘይተሰዓዓመ
—ከበሮ ካልተመታ ፡ አበልጆች ካልተሳሳሙ

ከብቲ ምስ ሓራዲኣን ፡ ማይ ይሰትያ
—ከብቶች ከአራጃቸው ጋር ውሃ ይጠጣሉ

ከብቲ ፡ ኣፍደገ ከፋቲ
—ከብት ፡ በር ከፋች

ከብደይ ከም ከብደይ ፡ ከመዓልካ ወድዓደይ
—የሆዴን በሆዴ እንዴት ዋልክ ያገሬ ልጅ

ከብደይ ከብደይ ዝብል እዝጊ ይርእዮ ፡ ዓይነይ ዓይነይ ዝብል ሰብ ይርእዩ
—ሆዴን ሆዴን የሚል እግዚአብሔር ያየዋል ፡ አይኔን አይኔን የሚል ሰው ያየዋል

ከብዲ ለቖታ ፡ ተመስገን ደረታ
—ሆድ ስልቻ ፡ ተመስገን ወሰኗ

ከብዲ ፈራሕ እግሩ መንጋሕጠጢ ፡ ኣዳም ከዋጋእ ንሱ ተመልጣጢ
—ሆደ ፈሪ እግረ ዳተኛ ፡ አዳሚ ሲጋዋ እርሱ ይሸሸ

ከብድስ ለቖታ ፡ በስመአብ ደረታ
—ሆድ ስልቻ ፡ በስመአብ ወሰኗ

ከብድኻ ሓምሊ ምልኣዮ ፡ ዝባንካ ወደቦ ኣይርእዮ
—ሆድህን ጎመን ሙላው ፡ ጀርባህን ለጠላት አታሳየው

ከተንቀላውጥ ዓይኺ ኣፍጢጥካ ፡ ክትኩዕት እግሪ ኣንጋሕጢጥካ
—ስትቀላውጥ አይን አፍጠህ ፡ ስትቆፍር እግር አንፈራጠህ

ከተፀብቕ ውዒላ ፡ መሊሳ ፀይቓቶ ብሕተላ
—ስታሳምር ውላ ፡ መልሳ አበላሸችው በአተላ

ከቲሮምና ዘይተርፍስ ፡ እንኮላይ ሳእኖም
—ዘረፉን ላይቀር ፡ ጫማቸውም ጭምር

ከታሪ እንተዘይሓነኽ ፡ ተኸታሪ ኣይሓንኽንዶ
—ዘራፊ ባያፍር ተዘራፊ አያፍርም ወይ

ከንፈር ዘለዎ ምስጢር ፥ ከንፈር ዘይብሉ ንጢር
—ከንፈር ያለው ምስጢር ፥ ከንፈር የሌለው ግልፅ

ከንፈር ዘለዎ ስኒ ፥ ከንፈር ዘይብሉ ግኒ
—ከንፈር ያለው ጥርስ ፥ ከንፈር የሌለው ጋኔን

ከንፍራ ባዕላይ ፥ ክሕዛ ከልበይ
—ላብርራት ራሴ ፥ ይያዛት ውሻየ

ከአልኩ ዝበለት ሰበይቲ ደብተራ ፥ መፅሐፍ ትሓፅብ
—አወቅኩ ያለች የደብተራ ሚስት ፥ መፅሃፍ ታጥባለች

ከእዊ ፥ መለሱለይ ሓዊ
—ኡኡ ስል ፥ እሳት ጨመሩብኝ

ከውሒ ዝረገፀ አሰር የብሉ ፥ ማይ ዝሰተየ ጨና የብሉ
—አለት የረገጠ ምልክት የለውም ፥ ውሃ የጠጣ ሽታ የለውም

ከየስተውዐልሉ ፥ አይርከብን ኩሉ
—ካላስተዋሉ አይገኝም ሁሉ

ከየትረፈ ዘለቅሐ ፥ ከይተቐበለን ተነግሐ
—ሳያተርፍ ያበደረ ፥ ሳይቀበል ሞተ

ከይሓሚ ፀውዓዮ ፥ ከይበልፅ ድፍኣዩ
—እንዳያማ ጥራው ፥ እንዳይበላ ግፋው

ከይሓረረ ፥ ጣዕ ዝበለ
—ሳያር ቃ ያለ

ከይሓረዱ ሓዊ አንደዱ ፥ ከይፀመዱ አንጎዱ
—ሳያርዱ እሳት አያያዙ ፥ ሳያጠምዱ ጅራፍ አስጮሁ

ከይሓተትዎ ዘውሪ ፥ ክንዲ ዘስሕቑ የኾሪ
—ሳይጠይቁት የሚያወራ ፥ በማሳቅ ፈንታ ያስቆጣል

ከይመርመርካ ነይርከብ ጉርሑ ፥ ከይጠበስካ ነይርከብ ስብሑ
—ካልመረመሩ አይገኝ ብልሃቱ ፥ ካልጠበሱ አይገኝ ስባቱ

ከይመስለምካ ዓንዱ ፥ ምስመስለምካ ዓብዱ
—ሳትሰልም ዓንዱ ፥ ከሰለምክ አብዱ

ከይመኽርካ ዝግበር ፥ ከየብኳዕካ ዝግገር እቲ ይገፍሕ እቲ ይነፍሕ
—ሳትማከር የሚደረግ ፥ ሳይቦካ የሚጋገር ያ ይሰፋል ያ ይነፋል

ከይመፃእካ ፡ ዘረባ ፀየቕካ
—ገና ከመምጣትህ ፡ ንግግር አበላሸህ

ከይሰመይዎ ዝመስከረ ፡ ከይሰተየ ዝሰኸረ
—ሳይጠሩት የመሰከረ ፡ ሳይጠጣ የሰከረ

ከይረሐቐ ብቑሩቡ ፡ ከይደረቐ ብርሑሱ
—ሳይርቅ በቅርቡ ፡ ሳይደርቅ በርጥቡ

ከይቀሰሱ አየናዝዙ ፡ ከይተሾሙ አይእዝዙ
—ሳይቀስሱ አያናዝዙ ፡ ሳይሾሙ አያዙ

ከይቀተልካ ጐፈሬ ፡ ከየረጋገፅካ ወረ
—ሳትገድል ጐፈሬ ፡ ሳታረጋግጥ ወሬ

ከይበልዕ ብአፈይ ፡ ከይነፍር ብኽንፈይ
—እንዳልበላ በአፌ ፡ እንዳልበር በክንፌ

ከይበኽዩ ፀባ ፡ ኪፃወቱ ዒባ
—እንዳያለቅሱ ወተት ፡ እንዲጫወቱ እበት

ከይበጣሕኩም ሕጎሙኒ ፡ ከይመኽርኩም አርሙኒ
—ሳትበጡ አግሙኝ ፡ ሳትመክሩ አርሙኝ

ከይበጣሕኩም ሕጎሙኒ ፡ ከይተወለድኩ አጥምቑኒ
—ሳትበጡ አግሙኝ ፡ ሳልወለድ አጥምቁኝ

ከይበጥሐ ዝሓጉም ፡ ከም ትኳን
—ሳይበጣ ሚያግም ፡ እንደ ቱኳን

ከይበደልዎ ዝብድል ፡ ተመሲሉ በዓል ደሓን
—ሳይበድሉት የሚበድል ፡ ደህና መስሎ

ከይብሉኒ መማሰኒ ፡ ሃቡኒ ይገብር ግኒ
—እንዳይሉኝ ያማስናል ፡ ስጡኝ ማለት ጋኔን ያደርጋል

ከይብሉኒ ዝበለ ፡ ከይተባህለ ነበረ
—እንዳይሉኝ ያለ ፡ ሳይባል ኖረ

ከይብሉኒን ክጥቀምን ፡ አይገጣጠምን
ይሉኝታና ጥቅም አይገጣጠሙም

ከይተሓርደ አይርከብ ስብሒ ፡ ከይመርመርካ አይርከብ ጉርሒ
—ካልታረደ አይታይ ስባቱ ፡ ካልተመረ ፣ረ አይገኝ ብልሃቱ

ከይተሓዝላ ፥ ተቖዘላ
—ሳይታዘሉ ፥ ኮሩ

ከይተመርመረ ኣይፍለጥን ሽርሑ ፥ ከይተፈረደ ኣይፍለጥን ጉርሑ
—ካልተመረመረ አይታወቅ ምስጢሩ ፥ ካልተፈረደ አይታወቅ ተንኮሉ

ከይተቐደሰ ዚሓርድ ፥ ከይዳነየ ዝፈርድ
—ሳይቀደስ ከሚያርድ ፥ ሳይዳኝ የሚፈርድ

ከይተታሕዛ ገና ፥ ዛር ይልምና
—ሳይያዙ ገና ፥ ዛር ልመና

ከይተዋጋእካ ንገስ ፤ ከይሐለኻ ልበስ
—ሳትዋጋ ንገስ ፥ ሳታስብ ልበስ

ከይተፀወዐ ዝመፀ ፥ ከይፀገበ ወፀ
—ሳይጠራ የመጣ ፥ ሳይጠግብ ወጣ

ከይትበልዕ ለጎምዋ ፥ ከይትኸይድ ቀየድዋ
—እንዳትበላ ለጉሟት ፥ እኔዳትሄድ ቀየድዋት

ከይንዕሹ ንጉራሕ ፥ ከይንጠሚ ንስራሕ
—እንዳንሞኝ ብልጥ እንሁን ፥ እንዳንራብ እንስራ

ከይንደርፎ ደርፍኻ ኮነና ፥ ከይንሓድጎ ጥዑም ጠዓመና
—እንዳንዘፍነው ዘፈንህ ሆነብን ፥ እንዳንተወው ጣመን

ከይኮነ ለብም ፥ ከይተሰብረ ፀግን
—ሳይሆን አስተውል፥ ሳይሰበር ጠግን

ከይወለድኩ ፥ አምበድበድኩ
—ሳልወልድ ፥ ተንቀጠቀጥኩ

ከይወለድካ ፥ ብላዕ
—ሳትወልድ ብላ

ከይወልዱ ይምንኩሱ ፥ ከይፀድቁ ይሕልክሱ
—እንዳይወልዱ ይመነኩሱ ፥ እንዳይፀድቁ ይልከሰከሱ

ከይወዓሉ ይወዓዓሉ ፥ ከይተኣማመኑ ይመሓሓሉ
—ሳይውሉ ይዋዋሉ ሳይተማመኑ ይማማሉ

ከይዓረፉ ፥ መከራ ትርፉ
—ካላረፉ መከራ ትርፉ

ከይደረቐ ብርሒሱ ፣ ከይዓበየ ብንእሱ ምኹስኳሱ
—ሳይደርቅ በርጥቡ ፣ ሳያድግ በልጅነቱ መኮትኮቱ

ከይገድፎ ወለድኩ ፣ ከይልሕሶ ነደድኩ
—እንዳልተወው ወለድኩኝ ፣ እንዳልሰው ነደድኩኝ

ከይጠዓምኩ ካብ ሙዙ ፣ ረኺብኩዎ መዘዙ
—ከሙዙ ሳልቀምስ ፣ አገኘሁ መዘዝ

ከይጠዓምካኒ ኣይትፅለኣኒ ፣ በለ እኽሊ ፀሊም
—ሳትቀምሰኝ አትጥላኝ አለ ፣ ጥቁር እህል

ከይጠየቕዎ ዝምልስ ፣ ፅሉል ከይኮነ ነይተርፍ
—ሳይጠይቁት የሚመልስ ፣ እብድ ሳይሆን አይቀርም

ከይፀላእካዩ ዝፀልአ ፣ ጠምዩካ ኸሎ ዘብልዐ ፣ ይነብር ከይተረስዐ
—ሳትጠላው የጠላ ፣ ርቦህ ያበላ ሳይረሳ ይኖራል

ከይፀመደ ኣንጒደ ፣ ከይሓረደ ጒመደ
—ሳይጠምድ እርፍ አስጨኸ ፣ ሳያርድ ጒመደ

ከይፀውዑኻ መፃእካ ፣ ከይፀገብካ ወፃእካ ክልተሳዕ ከፋእካ
—ሳይጠሩህ መጣህ ፣ ሳትጠግብ ወጣህ ሁለቴ ከፋህ

ከይፀውዑኻ ኣቤት በል
—ሳይጠሩህ አቤት በል

ከይፀውዕዎ ኣማኻሪ ፣ ከይሾምዎ ፈታውራሪ
—ሳይጠሩት አማካሪ ፣ ሳይሾሙት ፊታውራሪ

ከይፀገቡ ኣይዘሉ ፣ ከይዘለሉ ኣይስንከሉ
—ካልጠገቡ አይዘሉ ፣ ካልዘለሉ አይሰበሩ

ከይፈለጥካ ፣ ነገር ፀየቕካ
–ሳታቅ ፣ ነገር አበላሸህ

ከይፈልሐ ኣይግንፍልን ፣ ከይበፅሐ ኣይበስልን
—ሳይፈላ አይገነፍልም ፣ ሳይደርስ አይበስልም

ከይፈትሐ ሰበይቱ ፣ ከይተረትዐ መሬቱ
—ሳይፈታ ሚስቱን ፣ ሳይረታ መሬቱን

ከፀዕያ ክብላ ይፅፀያ ፣ ክነፅያ ክብላ ይንፀያ
—ሊያበጥሩ ሲሊ ይበጠራሉ ፣ ሊነጩ ሲሉ ይነጫሉ

ኩሉ መዓልቲ ዓይኒ ካብ እትነብዕ ፡ ሓደ መዓልቲ ቅንባዕ
—ሁልጊዜ አይን ከምታነባ ፡ አንድ ቀን ታልቅስ

ኩሉ አካል'ሞ ኣይከምዓይንን ፡ ኩሉ ጥዑም'ሞ ኣይከም እኽልን
—ሁሉም አካል ነው እንደ ዓይን አይሆንም፡ ሁሉም ይጣፍጣል እንደ እህል አይሆንም

ኩሉ ዕዳ'ሞ አይከም ከብድን ፡ ንጉሆ በሊዓ ምሸት አይሰድድን
—ሁሉም እዳ ነው እንደሆድ አይሆንም ፡ ጠዋት በልታ ማታ አልሰድም

ኩሉ እንካብሉ ፡ ከቶ ብዘይካሉ
—ሁሉ ከሱ ፡ አይሆንም አለሱ

ኩሉ ኸደ ሓሓዲጉና ፡ እነን እህህን ተረፍና በለ ሐዘንተይና
—ሁሉ ጥሎን ሄደ ፡ እኔና እህህ ቀረን አለ ሃዘንተኛ

ኩሉ ዝድረሮ ፡ ቂራዕ በይና ተሓሮ
—ሁሉም እራቱን ለሚበላበት ፡ ምንቸት ብቻዋን ታራለች

ኩሉ ይሓልፍ ፡ ግን ክሳብ ዝሓልፍ የሕልፍ
—ሁሉም ያልፋል ፡ እስኪያልፍ ግን ያሳልፋል

ኩሉ ይሓልፍ ፡ ፍቕሪ ይተርፍ
—ሁሉ ያልፋል ፡ ፍቅር ይተርፋል

ኩሉ ገድሊ ዘዝመስሎ ይደሊ
—ሁሉም ገድል የሚመስለውን ይፈልጋል

ኩምራ ዓሻ ፡ መፃወቲ ህብይ
—የሞኝ ክምር ፡ የዝንጀሮ መጫወቻ

ኩራ መርዓት ፡ ኣብ እዝኒ በቕሊ
—የሙሽሪት ኩርፊያ ፡ በበቅሎ ጆሮ

ኩርምትን ብዕራይን ዘይብሉ ፡ ከካብ ጥዕሙ ይተርፍ
—መንጋጋና በሬ የሌለው ፡ ከጣፋጩ ሁሉ ይቀራል

ኩርዓት ሓፂርን ፡ ናይ ሰበይቲ ስኻርን ኣይረኣይን'ዩ
—የአጭር ኩራትና ፡ የሴት ስካር አይታይም

ኩቱ እንታይ ይደሊ? ዘይናቱ
—ኩቱ ምን ይፈልጋል? የሰው

ኩቱ ክነፍርስ ኣብ ዘለዎ
—ኩቱ ሲበር ባለበት

ኩነትካ ኣብ ቃልካ ፥ ውርዝነትካ ኣብ ህድኣትካ
—ሁኔታህ በቃልህ ፥ መከበርህ በትእግስትህ

ኩዳን ከበሮን ፥ ወለባን ወይዘሮን
—እስክስታና ከበሮ ፥ ወለባና ወይዘሮ

ኪድ ኣይትበሉ ፥ ከም ዝኸይድ ግበሮ
—ሂድ አትበለው ፥ እንደሚሄድ አድርገው

ካህን ኣብ መቕደሱ ፥ ንጉስ ኣብ ኣደራሹ
—ካህን በመቅደሱ ንጉስ በአዳራሹ

ካህን ዘይሓዝካሉ ኣይነፍስኻ ፥ ንጉስ ዘይሓዝካሉ ኣይገንዘብካ
—ካህን ያልያዝክለት ነፍስህ አይደል ፥ ንጉስ ያልያዝክለት ገንዘብህ አይደል

ካልእ በደልካ ፥ ዝጠመየ ምቕታልካ
—ሁለተኛው በደልህ ፥ የተራበን መግደልህ

ኳሓሎ መሲለንስ ፥ መንቋር
—የሚኩሉ መስለው አይን ያጠፉ

ካሕሱ ሰብ ፥ ዝኣምኖ ሓሱ
—ካሕሱ ሰው የሚያምነውን ዋሽ

ካሕሳ በሊዑ ዝኸበረ ፥ ርግኦ ሰትዩ ዝሰኸረ የልቦን
—ካሳ በልቶ የከበረ ፥ እርጎ ጠጥቶ የሰከረ የለም

ካሕሳ ኣይክላእ ፥ ካሕሳ ኣይብላዕ
—ካሳ አይከለከል ፥ ካሳ አይበላ

ካሕሳይ ፥ ላዕላዩ ሕያዋይ ውሽጡ ሃሳይ
—ካሕሳይ ፥ ላይላዩ የዋህ ውስጡ ተንኮለኛ

ካባና ዝዘላስ ፥ ንዕብዳን
—ከኛ በላይ የሚዘሉ ለእብደት

ካባና ዘይሕሻ ፥ ብኣና ይውዕላ
—ከኛ የማይሻሉ ፥ በኛ ይውላሉ

ካባና ዘይፈልጣ ፥ ተጎንቢሖን ይጠርጣ
—ከኛ በላይ የማያውቁ፥ ተጎንብሰው ይፈሳሉ

ካባና ዝዘላስ ፥ ዝዓበዳ በለት ማንቲለ
—ከኛ በላይ የሚዘሉ ያበዱ ፥ አለች ጥንቸል

ካባና ዝገዳ ፡ ብሚሒ ማይ ይወርዳ
—ከኛ የሚብሱ በዘርዛራ ወንፊት ውሃ ይቀዳሉ

ካባኻ ንዘይሓልፍ ጋሻ ፡ ጠጠዊቕካ ሰዓሞ
—ካንተ ለማያልፍ እንግዳ አጥብቀህ ሳመው

ካባኻ ንዝሃድም ፀላኢ.ኻ ፡ ወርቂ ድልድል ስርሓሉ ኢ.ኻ
—ካንተ ለሚሸሽ ጠላት፡ የወርቅ ድልድይ ስራለት

ካባኻስ በኺ.ረ ፡ ባዕለይ መኺ.ረ
—ካንተስ ቀርቼ ነበር ፡ ራሴ መከርኩ እንጂ

ካብ ሂቦም ዘሕድጉኻስ ፡ ብዙናት ጋላ ይውግኡኻ
—ሰጥተው ከሚነሱህ ፡ በጋላ ጦር ይውጉህ

ካብ ሃብታም ምልማን ፡ እዝጊ. ምእማን
—ሃብታም ከመለመን ፡ እግዚአብሔርን ማመን

ካብ ሃገሩ ዝወፀ ክሳብ ዝምለስ ፡ እንተፀዓንዎ ኣድጊ እንተለጎምዎ ፈረስ
—ከአገሩ የወጣ አገሩ እስኪ.ሚመለስ ፡ ቢጭኑት አህያ ቢለጉሙት ፈረስ

ካብ ሃገራ ዝነውሐት መሸላ ፡ ወይ ንዑፍ ወይ ንወንጭፍ
—ከመሰሎችዋ የረዘመች ማሽላ ፡ ወይ ለወፍ ወይ ለወንጭፍ

ካብ ሀገር ዝገዝእ ፡ ስብነቱ ዝገዝእ ይበልፅ
—አገር ከሚገዛ ራሱን የሚገዛ ይበልጣል

ካብ ህበይ ቆንጆ እንታይ ይምረፆ
—ከዝንጀሮ ቆንጆ ምኑን ይመራርጧል

ካብ ለባም ሰበይቲ ፡ ዓሻ ሰብኣይ
—ከአዋቂ ሴት ሞኝ ወንድ

ካብ ሎሚ ዝገርገረ ዝብኢ. ፡ ኣየሕድረናን
—ከዛሬ ያስቸገረ ጅብ ፡ አያሳድረንም

ካብ ሓምሓም ፡ ዝረቅቑ ይሰበር
—ከቅል የሳሳ ይሰበር

ካብ ሓምሳ ማእምን ፡ ሓንቲ ኣሚን
—ከአምሳ ባልቴት ፡ አንዲት ሚስት

ካብ ሓምሳ ዕንጉለ ፡ ሓንቲ ለሚን
—ከአምሳ እምቧይ ፡ አንድ ሎሚ

ካብ ሓሳዊ ደረቐኛ ፡ የድሕነና
—ከውሸታም አይን አወጣ ፡ ያድነን

ካብ ሓቂ ዝሕሸ ሓሶት ፡ ካብ ምጋእ ዝሕሸ ምስሓት
—ከሃቅ የተሻለ ውሸት ፡ ከመውጋት የተሻለ መሳት

ካብ ሓዊ ዝበርበሮ ፡ ሰበይቲ ዝበርበረቶ
—እሳት ከቦረቦረው ፡ ሴት የቦረቦረችው

ካብ ሓይሊ ሰብ አምቦሎት ፡ ሓይሊ ሰብ ፀሎት
—ከፈረሰኞች ሃይል ፡ የፀሎተኞች ሃይል

ካብ ሓፁር እሾኽ ፡ ሓፁር ሰብ ይፀንዕ
—ከእሾህ አጥር፡ የሰው አጥር ይጠነክራል

ካብ ሔማስ ፡ ናብ ውሽማ
—ከሕግ ሚስት ፡ ወደ ውሽማ

ካብ ሕሜት ፡ ጥሜት
—ከሃሜት ፡ ረሀብ

ካብ ሕሱም በቕሊ ፡ ብሩኽ አድጊ ይሓይሽ
—ከክፉ በቅሎ ፡ የተባረከ አህያ ይሻላል

ካብ ሕሱም በዓል ዕዳ ፡ እንጣጢዕ'ውን ነይከፋእ
—ከክፉ ባለ እዳህ ፡ ተልባ አይከፋም

ካብ ሕቡእ ፈታዊ ፡ ግሁድ ፀላኢ
—ከድብቅ ወዳጅ ፡ ግልፅ ጠላት

ካብ መሕፀቢ ሳሙና ፡ ካብ ግብሪ ትሕትና
—ከመታጠቢያ ሳሙና ፡ ከተግባር ትህትና

ካብ መርዓ በዓለገ ፡ ፍትሕ ጭዋ ይሓይሽ
—ከባለጌ ሰርግ ፡ የጨዋ ፍቺ ይሻላል

ካብ መምህሩ ደቀመዝሙሩ ፡ ካብ ቀለም ከለም
—ከመምህሩ ደቀመዝምሩ ፡ ከቀለም አእምሮ

ካብ ማሽላ ጉምጥጥ ፡ ካብ ዓተር ሽምጥጥ
—ከማሽላ ቁርጥ ፡ ከሽምብራ ሽምጠጥ

ካብ መናፍቕ ትርጓሜ ፣ ካብ ትምባኾ ልምላሜ ኣይሰኣንን
—ከመናፍቅ ትርጓሜ ፣ ከትምባሆ ልምላሜ አይታጣም

ካብ መንግስቲ ልቢ ይእዝዝ ፣ ካብ ቀሺ መስተ የናዝዝ
—ከመንግስት ልብ ያዛል ፣ ከቄስ መጠጥ ያናዝዛል

ካብ መኣዲ ጥሙይ ፣ ካብ መጋርያ ዕሩቕ ኣይኽለኣና
—ከገበታ የተራበ ፣ ከማንደጃ የተራቆተ አያሳጣን

ካብ መኣድኻ ህሩፍ ፣ ካብ መጋርያኻ ዕሩቅ ኣይስኣን
—ከገበታህ ስግብግብ ፣ ከምድጃህ የተራቆተ አይታጣ

ካብ መውስቦ በዓለገ ፣ ፍትሕ ወዲ ጭዋ
—ከባለጌ ጋብቻ ፣ የጨዋ ልጅ ፍቺ

ካብ ማንካ ናብ ኢድካ ፣ ካብ ኢድካ ናብ ኣፍካ
—ከማንኪያ ወደ እጅህ ፣ ከእጅህ ወደ አፍህ

ካብ ምላድ ምልማድ ፣ ካብ ምልማድ ምዝማድ
—ከመውለድ መላመድ ፣ ከመላመድ መዛመድ

ካብ ምምራት ፣ ምእራግ ይሓይሽ
—ከመዛግ ፣ ማርጀት ይሻላል

ካብ ምስተወቕዑ ምንዕርፃር ፣ ከሎ ገና ሓፁር ምሕፃር
—ከተመቱ በኋላ ከመናደድ ፣ አስቀድሞ አጥር ማጠር

ካብ ምስ እትፀልኦ መኣዲ ፣ ምስ እትፈትዎ መንገዲ
—ከምትጠላው ጋር ገበታ ከመቅረብ ፣ ከምትወደው መንገድ

ካብ ምስ ዓሻ ዘረባ ፣ ምስ ለባም ዓፀባ
—ከሞኝ ጋር ከመነጋገር ከአዋቂ ጋር መቸገር

ካብ ምስዓም ፀላኢ ፣ መፍጋእቲ ፈታዊ ይሓይሽ
—ከጠላት መሳም ፣ የወዳጅ መፈንከት ይሻላል

ካብ ምቕላል፣ ምጥቕላል
—ከመቅለል ፣ መጠቃለል

ካብ ምንጋጋ ኣንበሳ ፣ መን የውፅእ ስጋ
—ከአንበሳ መንጋጋ፣ ማን ያወጣል ስጋ

ካብ ምድብዳብ ፣ ይሓይሽ ምእዳብ
—ከመደባደብ ፣ ስርአት ማድረግ

ካብ ምግዳል ምዕዳል ፡ ካብ ምግዳም ምግዳል
—ከመታገል መታደል ፡ ከመጋደም መታገል

ካብ ርሑቕ ሓውካ ፡ ቀረባ ጐረቤትካ
ከሩቅ ወንድምህ ፡ የቅርብ ጐረቤትህ

ካብ ሰበይቲ ገዛፍ ማእገር ፡ ካብ ጭዋ ደጋም ነገር የጥፍእ
—የሴት ደንደሳም ፡ የጨዋ ነገር ደጋጋሚ ያጥፋ

ካብ ሰብ ሕሱም ደብተራ ፡ ካብ ኣራዊት ሕሱም ደሞተራ
—ከሰው ክፉ ደብተራ ፡ ከአራዊት ክፉ ዳሞትራ

ካብ ሰብ ስሕተት ፡ ካብ ብረት ዝዕገት ኣይተርፍን
—ከሰው ስተት ፡ ከብረት ዝገት አይቀርም

ካብ ሰብ ስሕተት ፡ ካብ ፈጣሪ ምሕረት ኣይሰኣንን
—ከሰው ስህተት ፡ ከእግዚአብሔር ምህረት አይታጣም

ካብ ሰብ ኣውራ ፡ ካብ ዑፍ ጉራ
—የሰው አውራ ፡ የዎፍ ኸንጉርጉር

ካብ ሰብ እተመርፀ ንሽመት ፡ ካብ ኦም እተመርፀ ንታቦት
—ከሰው መርጦ ለሹመት ፡ ከንጨት መርጦ ለታቦት

ካብ ሰብ ዝበዝሐ ፡ ካብ ኦም ዝነውሐ ፡ ካብ ስጋ ዝሰብሐ
—ከሰው የበዛ ፡ ከዛፍ የረዘመ ፡ ከስጋ የሰባ

ካብ ሰብ ዝደሊ ፡ ከም ሳእኒ ይበሊ
—ከሰው የሚፈልግ፡ እንደ ጫማ ያረጃል

ካብ ሰብ ዝዕበ ፡ ክንድዝይ'ዶ ይዕበ
—ከሰው የሚጠብቅ ፡ ይህን ያህል ይኮራል ወይ

ካብ ሳዕ በሉ ፡ ሳዕ ይቐርብ
—ክስ በለው ከማለት ፡ ክስ ማለት ይቀላል

ካብ ሽሕ ሃተፍ ፡ ሓደ ከተፍ
—ሺ ጊዜ ከመለፍለፍ፡ አንዴ ከተፍ

ካብ ሽሕ መስካሪ ፡ ናይ ታቦት እግሪ
—ከሺ መስካሪ ፡ የታቦት እግር

ካብ ሽሕ መደረ ፡ ሓንቲ ወረ
—ሺ ጊዜ ከመዶለት፡ አንድ ወሬ

ካብ ምስክር ሽሕ ፣ ዋና ብኽናፍር
—ከሺ ምስክር ፣ ዋና በከንፈር

ካብ ሽሕ ሰራራይ ፣ ሓደ ዘይብሎም መኻራይ፣ንኹሎም ኣኻኺብካ
ናብ ቃላይ
—ከሺ ጋላቢ አንድም የላቸው መካሪ ፣ ሁሉንም ወደ ባህር

ካብ ሽሕ በዓል በቕሊ ፣ ሓደ ፈረሰኛ
—ከሺ ባለ በቅሎ አንድ ፈረሰኛ

ካብ ሽሕ ነፍጠኛ ፣ ሓደ መልክዐኛ
—ከሺ ነፍጠኛ ፣ አንድ መልከኛ

ካብ ሽሕ ነፍጠኛ ፣ ሓደ ወረኛ
—ከሺ ነፍጠኛ ፣ አንድ ወረኛ

ካብ ሽሕ ወሃቢ ፣ ብርእሱ ቐራቢ
—ሺ ከሚሰጥ ፣ ራሱ የሚቀርብ

ካብ ሽሕ ወርዋሪ ፣ ሓደ መኻሪ
—ከሺ ወርዋሪ ፣ አንድ መካሪ

ካብ ሽኽሚ ዓሻ ዕርፍን ነዊትን ይቑረፆ
—ከሞኝ ሸክም ሞፈርና ቀንበር ይቆረጥበታል

ካብ ቀሊል ክፈትወኒ ፣ ድጊ ይፅለኣኒ
—ቅሌታም ከሚወደኝ ፣ ሐቅ ይጥላኝ

ካብ ቀረባ ዝወደቐ ፣ ካብ ቁስሊ ደሓነ
—ከቅርብ የወደቀ ፣ ከቁስል ዳነ

ካብ ቀሺ ዝናዘዞ ፣ ዕድመ ዝናዘዞ
—ቄስ ካናዘዘው ፣ እድሜ ያናዘዘው

ካብ ቅትርቲ ዝንእስ የለን ፣ ብዘይከኣ ዝሓርስ የለን
—ከቀትርት የሚያንስ የለም ፣ ካለሷ የሚያርስ የለም

ካብ በሃሊኡ ፣ ደጋሚኡ
—ከባዩ ፣ ደጋሚው

ካብ በርቂ ካብ ድርቂ ፣ ቀዳዊኻ ኣይፍለጥን
—ከመብረቅና ከድርቅ፣ የሚበጅህ አይታወቅ

ካብ በዓል ቤት ዝፈልጥ ፣ ቡዳ
—ከባለቤቱ ያወቀ ፣ ቡዳ

ካብ በዓል አፍ ፡ በዓል ጣፍ
—ከባለ አፍ ፡ ባለ ጤፍ

ከብ ባሕሪ ዘይተረኽበስ ፡ ካብ ማይ ፃሕሊ
—ከባህር ያልተገኘ ፡ ከሸክላ ድስት ውሃ

ካብ ቤትና እንቅዓ አይውፃእ ፡ ካብ አፍና ክፉእ አይውፃእ
—ከቤታችን ቁና አይውጣ ፡ ከአፋችን ክፉ አይውጣ

ካብ ብልሂ መኻሪ ፡ ዓሻ ንርእሱ
—ከብልህ መካሪ ፡ ሞኝ ለራሱ

ካብ ብልሂ ጠበቓ ፡ ዓሻ ዋና
—ከብልህ ጠበቃ ፡ ሞኝ ባለቤት

ካብ ብልዒ ገዓት ፡ ካብ ሰበይቲ መርዓት
—ከመብል ገንፎ፡ ከሴት ሙሽሪት

ካብ ብሓቂ ዝኸደት በቕለይ ፡ ብዘይ ሓቂ ዝኸደት ቆለይ
—በሃቅ ከሄደች በቅሎዬ ፡ በአመፅ የሄደች ቆሎዬ

ካብ ብዙሕ ሓሶት ፡ ሐደ ኡነት
—ከብዙ ውሸት ፡ አንድ እውነት

ካብ ብዙሕ ትምህርቲ ፡ ትሓይሽ ሓቂ ሓንቲ
—ከብዙ ትምህርት ፡ አንድ ሃቅ ትሻላለች

ካብ ብዙሕ ትዕዝብቲ ፡ ሓንቲ ሓቂ
—ከብዙ ትዝብት ፡ አንድ ሃቅ

ካብ ብ ዙሓት እእዱግ ፡ ሓንቲ ፈረስ
—ከብዙ አህዮች ፡ አንድ ፈረስ

ካብ ብፍትሒ ዝኸደት ላመይ ፡ ብዘይ ፍትሒ ዝኸደት ምራነይ
—በፍትህ ከሄደች ላሜ ፡ ካለፍትህ የሄደች ጠፍሬ

ካብ ተማጓቲ ዓራቒ ፡ ካብ ሓፃቢ አድራቒ
—ከተማጓች አስታራቂ ፡ ከአጣቢ አድራቂ

ካብ ተዕርፉ ፡ ዒባ ጠፍጥፉ
—ከምታርፉ፡ እበት ጠፍጥፉ

ካብ ነበረኒ አሎኒ ፡ ካብ ከሎኒ እነሄኒ ይቐርብ
-ከነበረኝ አለኝ ፡ ካለኝ ይኸው ይቀርባል

ካብ ነዊሕ ቀረባ ፡ ካብ ማይ ፀባ
—ከረጅም ቅርብ ፡ ከውሃ ወተት

ካብ ነገር መን ይቕደም? ናይ ደም
—ከነገር ማን ይቅደም? የደም

ካብ ነገር ዝሓፀረ ፡ ካብ ባርያ ዝጠቆረ
—ከነገር ያጠረ ፡ ከባርያ የጠቆረ

ካብ ነብሶም ፡ ይጠፍእ ነፍሶም
—ከራሳቸው ፡ ይጠፋል ህይወታቸው

ካብ ነፍሶም ፡ ይጠፍእ ፈውሶም
—ከራሳቸው ፡ ይጣፋል መድሃኒታቸው

ካብ ንሃገር ወረጃ ፡ ዓሻ ጠቓም ርእሱ ይበልፅ
—ለሌላ ሽማግሌ ከመሆን፡ ራሱን የሚጠቅም ሞኝ ይበልጣል

ካብ ንህቢ ሃገረሰብ ፡ ሃመማ ከተማ ይስልጥን
—ከባላገር ንብ ፡ የከተማ ዝንብ ይሰለጥናል

ካብ ንበይንኻ ገዓት ፡ ምስ ሰብካ መዓት
—ብቻህን ገንፎ ከምትበላ ፡ ከሰዎችህ ጋር ችግር

ካብ ንእሽተይ ኮፍ ንእሽተይ ድቃስ ፡ ካብ ንእሽተይ ድቃስ ፡ ማሕስእ
ሒዝካ ምብቋስ
—ከመቀመጥ ማንቀላፋት ፡ ከማንቀላፋት ጠቦት ይዞ መጥፋት

ካብ ንዓመታ ደርሆ ፡ሎምዘበን እንቋቑሖ
—ከሚመጣው አመት ደሮ፡ እንቁላል ዘንድሮ

ካብ ኣምላኽ ዝበለ የለን ፈጣሪ ፡ ካብ ወላዲ ዝበለ የለን መኻሪ
—ከአምላክ በላይ የለም ፈጣሪ ፡ ከወላጅ በላይ የለም መካሪ

ካብ ኣቡኡ ዝሓልፍ ይቀዘፍ ፡ ካብ ኣቡኡ ዝተርፍ ይከሰፍ
—ከአባቱ ያለፈ ይቀሰፍ ፡ ከአባቱ የተረፈ ይዋረድ

ካብ ኣቡኡ ዝዓቢ ፡ ጠስሚ
—ካባቱ የሚባልጥ ፡ ቅቤ

ካብ ኣቦ ዝሰኣነስ ፡ ጠባይ ዝሰኣነ የደንግፅ
—አባት ካጣ ፀባይ፡ ያጣ ያሳዝናል

ካብ ኣነጋግራ ይፍረድ ፡ ካብ ኣተሓሕዛ ይቕደድ
—ከአነጋገር ይፈረዳል፡ ከአያያዝ ይቀደዳል

ካብ ከተማ ፡ ናብ ውሽማ
—ከከተማ ፡ ወደ ውሽማ

ካብ ከብደይ ፡ ወደይ
—ከሆዴ ፡ ልጄ

ካብ ከታር ለቖታ ፡ ከታር ዘረባ
—ከስልቻ ቀማኛ ፡ የንግግር ቀማኛ

ካብ ከፈር ስጋ ፃፅሚ ይሓይሽ ፡ ናብ ዝገሽካዩ ምሳኻ ይገይሽ
—ከእንቅብ ሙሉ ስጋ አጥንት ይሻላል ፡ እሄድክበት አብሮህ ይሄዳል

ካብ ኪዳን አብ ውሽማ ፡ ካብ ሃደን አብ ዕላማ
—ከባለ ቃል ኪዳን ወደ ውሽማ ፡ ከአድን ወደ ኢላማ

ካብ ክልተ አንስቲ ፡ ሓደ ሰብኣይ
—ከሁለት ሴት ፡ አንድ ወንድ

ካብ ክልተ ውለዲ፡ ከምዘይትሕጐሲ ፡ ይብል ሕሱም ረጋሚ
—ከሁለት ውለጂ ፡ እንደማትደሰቺ ፡ ይላል ክፉ ተራጋሚ

ካብ ክልተ ዝወለደ አይሕጐስ ፡ ከይወለደ ዝሞተ አይድበስ
—ከሁለት የወለደ አይደሰት ፡ ሳይወልድ የሞተ አስተዛዛኝ የለው

ካብ ክሒዱ ዝርታዕ ፡ አሚኑ ዝካታዕ
—ክዶ ከሚረታ ፡ አምኖ የሚከራከር

ካብ ክሒዱ ፡ ይሓይሽ ውሒዱ
—ክደዋል ከሚሉ ፡ አንሰዋል ቢሉ ይሻላል

ካብ ክሳድ ንላዕሊ ፡ ዝኾነ ፍቕሪ
—ከአንገት በላይ የሆነ ፍቅር

ካብ ክረምቲ ዘገልገለ፡ ቀውዒ ሰፍኢ ዘቐበለ
—ክረምት ካገለገለ ፡ በመከር ሰፌድ ያቀበለ

ካብ ክፉእ በዓል ዕዳኻ፡ ሰዓፅ ክርዳድ ነይከፍአካ
—ከክፉ ባለ እዳ ፡ ሲናር እንክርዳድ አይከፋም

ካብ ክፉእ ዝገብሩኻ ፡ ክፉእ ዘልምዱኻ
—ክፉ ከሚያደርጉህ ፡ ክፉት የሚያስለምዱህ

ካብ ክፉእ ጐረቤት ፡ ካብ እሾኽ ምድሪ ቤት ፡ የድሕንኩም
—ከክፉ ጎረቤት ፡ ከወለል እሾህ ያድናችሁ

ካብ ኣጅቦ በሊዕካ ምብስናዕ ፡ ሓምሊ በሊዕካ ጥዕና
—አይብ በልተህ ከመበስናት ፡ ጐመን በልተህ ጤና

ካብ ኣፍ ቅዱሳን ምስጋና ፡ ካብ ሰማይ ደመና ኣየቋርፅን
—ከቅዱሳን አፍ ምስጋና ፡ ከሰማይ ደመና አያቋርጥም

ካብ ኣጕላጉል ጥንቆላ ፡ ይሓይሽ ናይ ለባም ሚላ
—ከአጓጉል ጥንቆላ ፡ ይሻላል የአስተዋይ መላ

ካብ ኣፍ ዝወፀ ፡ ካብ ልቢ ዝተሃንፀ
—ከአፍ የወጣ፡ ከልብ የመነጨ

ካብ ኢድ ዝነድድ ፡ ልቢ ክነድድ ይሓይሽ
—እጅ ከሚነድ ፡ ልብ ቢነድ ይሻላል

ካብ እተን ፀጊበን ዝዕንድራስ ፡ ዝዕንድራ ሪአን ዝዕንድራ ይበዝሓ
—ጠግበው ከሚፈነድቁት፡ሲፈነድቁ አይተው የሚፈነድቁ ይበዛሉ

ካብ እትፈትዎ ፡ እትፈርሆ
—ከምትወደው ፡ የምትፈራው

ካብ እቶት ፡ በረኸት
—ከገቢ ፡ በረከት

ካብ እንቀዓ ምህሮ ፡ አእምሮ
—ከብዙ ትምህርት ፡ አእምሮ

ካብ እንተላም ፡ ይሓይሽ ትሕቲ ላም
—ከብዙ እህል ፡ ላም ማግኘት ይሻላል

ካብ እኽሊ ንፍቂ ፡ ካብ ሳርማ ጣንቂ
—ከእህል ቁና ፡ ከእንስራ ገንቦ

ካብ እኽሊ እንጓያ ፡ ካብ ነገር ያያ ፡ ካብ ሳዕሪ ሙግያ
—ከእህል ጓያ ፡ ከነገር መንጫጫት ፡ ከሳር ሙጃ

ካብ እኽሊ ዝስእኑ ፡ ወዲእኖ ይስኣኑ
—እህል ከሚያጡ ፡ የእናት ልጅ ይጡ

ካብ እግሪ ፡ መልሓስ ይዕንቀፍ
—ከእግር ፡ ምላስ ይደናቀፋል

ካብ እም ዝነውሕ ፡ ካብ ሰብ ዝበዝሕ
—ከዛፍ የሚረዝም ፡ ከሰው የሚበዛ

ካብ ወሃቢ መዋሃቢ ፡ ካብ ቀራቢ መቃረቢ
—ከሰጪ የሚያሰጥ ፡ ከቀራቢ አቀራራቢ

ካብ ወደይ ከብደይ ፡ ካብ ሃገር ካልእ ዓደይ
—ከልጂ ሆዴ ፡ ከሰው አገር አገሬ

ካብ ወዲ ደረቕ ፡ ካብ ፀብሒ መረቕ
—ከወንድ ግትር ፡ ከወጥ መረቅ

ካብ ወዲ ጓል ተዕቢ ፡ ወዲ ኽልቢ ኣዕቢ
—የሴት ልጅህን ልጅ ከማሳደግ ፡ የውሻ ልጅ ማሳደግ

ካብ ዋና ዝበለ መስካሪ ፡ ካብ ሚስ ዝበለ መስከሪ
—ከባለቤት ወዲያ መስካሪ ፡ ከጠጅ ወዲያ አስካሪ

ካብ ዓሻ ዘመድ ፡ ለባም ጓና
—ከሞኝ ዘመድ ፡ አዋቂ ባእድ

ካብ ዓብይ ዓሻ ፡ ንእሽተይ ለባም
—ከትልቅ ሞኝ ፡ ትንሽ አዋቂ

ካብ ዓይኒ ዓራት ፡ ዓይኒ ነገር ይበዝሕ
—ከአልጋ አይን፡ የነገር አይን ይበዛል

ካብ ዓይኒ ዝገለለ ፡ ካብ ልቢ ገለለ
—ከአይን የራቀ ፡ ከልብ ራቀ

ካብ ዓይኒ ዝፈጥን ፡ ካብ ማይ ዝቐጥን የልቦን
—ከአይን የሚፈጥን ፡ ከውሃ የሚቀጥን የለም

ካብ ዓይኒ ጓህሪ ፡ ዓይኒ ሰብ
—ከፍም አይን ፡ የሰው አይን

ካብ ዘልቀሰስ ፡ ዝቐበረ
—ካለቀሰ ፡ የቀበረ

ካብ ዘረባ ዝበላኸ ፡ ዘርኢ ይበላኸ ተመሊስካ ትሓርሶ
—ንግግር ከሚበላሽ ፡ የዘራኸው ይበላሽ ተመልሰህ ታርሰዋለህ

ካብ ዘረባይ ዝኾልፈኒ ፡ ብዕራየይ ክሞተኒ ይሕሸኒ
—ንግግሬን ከሚያቋርጠኝ ፡ በሬዬ ቢሞት ይሻለኛል

ካብ ዘርኢ ዚህብዎ ኣሎ ፡ ካብ ዓውዲ ዚነፍግዎ ኣሎ
—ከዘር የሚሰጡት አለ ፡ ከአውድማ የሚነፍጉት አለ

ካብ ዘይተማህረ ጎበዝ ፡ ዝተማህረ ሽማግለ
—ካልተማረ ጎበዝ ፡ የተማረ ሽማግሌ

ካብ ዘይትፈልጦ መልኣኽ ፡ ትፈልጦ ሸይጣን
—ከማታውቀው መልአክ የምታውቀው ሰይጣን

ካብ ዘገልገለ ዘውደልደለ ፡ ካብ ዘማኸረ ዘጋለለ
—ካገለገለ ያውደለደለ ፡ ካማከረ ያገለለ

ካብ ዝሓለወ ፡ ዘሕለውለወ
—ከጠበቀ ፡ ያውደለደለ

ካብ ዝመኸረ ፡ ዝወርወረ
—ከመከረ ፡ የወረወረ

ካብ ዝስበር ይስንጠር ፡ ካብ ዝነውሕ ይሕፀር
—ከሚሰበር ይሰንጠር ፡ ከሚረዝም ይጠር

ካብ ዝራብዕ ወጢጡ ፡ ተስታይ ኣንጋሕጢጡ
—ወይፈን ካረሰው ፡ በሬ የጫረው

ካብ ዝራብዕ ዝወዓሎ ፡ ተስታይ ዘራፈዶ
—ወይፈን ከዋለበት ፡ በሬ ያረፈደበት

ካብ ዝቐለበስ ፡ ዝሓርጐተ
—ካሳደገ ፡ ያጐረሰ

ካብ ዝቐትለካ ፡ ዝቓባጥረካ
—ከሚገድልህ ፡ የሚያታልልህ

ካብ ዝብኢ.ስ ፡ ዓፅሚ
—ከጅብ ፡ አጥንት

ካብ ዝተማህረ ፡ ዝተማራመረ
—ከተማረ ፡ የተመራመረ

ካብ ዝናገሩ ፡ ያም ይሕደሩ
—ከሚናገሩ ፡ ጦም ይደሩ

ካብ ዝወርወረ ዝመኸረ ፡ ካብ ዝኣመተ ዝሰደረ
—ከወረወረ የመከረ ፡ ከለካ የሰነዘረ

ካብ ዝደፈረ ዝተጣራጠረ ፡ ካብ ዝተጠራጠረ ዝተመራመረ
—ከደፈረ የተጠራጠረ ፡ ከተጠራጠረ የተመራመረ

ካብ ዝኃርሑልካስ ፡ ዘጉርሑኻ
—ብልጥ ከሚሆኑብህ ፡ ብልጥ የሚያደርጉህ

ካብ ዝፀድፉ ፡ ቆንጠጠፊ የሐቼፉ
—ገደል ውስጥ ከሚገቡ፡ ቆንጥር ያቅፋሉ

ካብ ዝፈከረ ፡ ዝተጠራጠረ
—ከፎከረ ፡ የተጠራጠረ

ካብ የጥዕመለይ ኢልካ ምዝራብ ፡ የ'ኸፍአለይ ኢልካ ምሕዳግ
—ያምርብኛል ብለህ ከመናገር፡ አያምርምኝም ብለህ መተው

ካብ ደመና ዝመፅእ ፀሓይን ፡ ካብ ዓሻ ዝወፅእ ዘረባን መሪር
—ከዳመና የሚወጣ ፀሃይና ፡ ከሞኝ የሚወጣ ንግግር ሃይለኛ ነው

ካብ ደርሆ ንዓመታ ፡ እንቋቑሖ ንእለታ
—በአመት ከሚመጣ ዶሮ ፡ የእለት እንቁላል

ካብ ገባሪ ፡ መጋበሪ
—ከአድራጊ ፡ አዳራጊ

ካብ ጐረቤት ሓዊ ፡ ካብ ክልክል ሰውሒ
—ከጐረቤት እሳት ፡ ከተከለከለ መስክ ሣር

ካብ ገፅ ኣንስቲ ፡ ገፅ ኣናብስቲ ፡ በሉ ባሕታውያን
—ከሴቶች ፊት ፡ የአናብስት ፊት ፡ አሉ ባህታውያን

ካብ ጓል መንያ ፡ ሰይቲ መንያ
—የማን ልጅ ናት ከማለት ፡ የማን ሚስት ናት

ካብ ጓል ማእምንሲ፡ ዓሰባ ዓብዪ ቤት
—ከባልቴት ልጅ ፡ ትልቅ ቤት የተቀጠረች

ካብ ጓጉናይ ኩሉ ዓቢ ፡ ንወሓለ ኩሉ ሓርቢ
—ለሰነፍ ሰው ሁሉም ትልቅ ፡ ለባለሞያ ሴት ምንም አያስቸግራትም

ካብ ግራት ዘፈራ ፡ ካብ ደርሆ መንፈራ
—ከማሳ ዳሩ ፡ ከደሮ ክንፉ

ካብ ግብረትካ ፡ ድፍረትካ
—ከተግባርህ ፡ ድፍረትህ

ካብ ጉይይ ምዓል ፡ ክሳድ ምሓዝ
—ሲሮጡ ከመዋል፡ አቋራጩን መያዝ

ካብ ጡጥ እተለትመ ፣ ካብ ልብሲ እተሰለመ
—ከጥጥ የተነደፈ ፣ ከልብስ የተሸለመ

ካብ ጣፍ ዝደቐቐ ፣ ካብ መርፍእ ዝቐጠነ
—ከጤፍ የሚደቅ፣ ከመርፌ የሚቀጥን

ካብ ጥራይ ክሳድካ ፣ ፍረ ግጥግጥ
—ከባዶ አንገትህ፣ ፍሬ ግድግድ

ካብ ጥንቲ ፣ ክሳብ እዕፆምቲ
—ከጥንት ፣ እስከ አጥንት

ካብ ፀሓይ ካብ ማይ ፣ መቑደዊኻ አይፍለጥን
—ከፀሃይ ከውሃ የሚጠቅምህ አይታወቅም

ካብ ፀባ ፣ ማይ ፀባ
—ከወተት ፣ አጓት

ካብ ፀባ ዘይተረኽበስ ፣ ካብ ማይ ፀባ
—ከወተት ያልተገኘ ፣ ከአጓት

ካብ ፀብሒ መረቕ ፣ ካብ ወዲ ደረቕ
—ከወጥ መረቅ ፣ ከወንድ ግትር

ካብ ዕቡቕ እንዳማትካ ፣ ሕማቕ ናትካ
—ከየሰው ቆንጆ ፣ የራስህ መጥፎ

ካብ ፈታዊ ዝቐደመ ፣ ካብ ሚስ ዝኸረመ
—ከወዳጅ የቀደመ ፣ ከጠጅ የከረመ

ካብ ፈታውየይ ሓልወኒ ድአ እምበር፣ካብ ፀላኢየይሲ ባዕለይ እሕሎ
—ከወዳጄ ጠብቀኝ እንጂ ፣ ከጠላቴማ ራሴን እጠብቃለሁ

ካብ ፈጣሪአን ፣ ፋሕጣሪአን
—ከፈጣሪያቸው ፣ ቧጫሪያቸው

ካብ ፍትፍቱ ፣ ፊቱ
—ከፍትፍቱ ፣ ፊቱ

ካብኡ አይግደድ ፣ ትብል ሚሒ ተኸዲና
—የባሰ አያምጣ ፣ ትላለች ዘርዛራ ወንፊት ለብሳ

ካዕቦ ዝዛረብ ፣ ካዕቦ ይሞልቆ
—ብዙ የሚናገር ብዙ ፣ ያመልጠዋል

ካዕቦ ይሀቡ መዕበይ ደቂ ፣ ካዕቦ ይኸልኡ መፍረስ ዕርቂ
—ብዙ ይሰጣሉ ልጆች ማሳደጊያ ፣ ብዙ ይነሳሉ እርቅ ማፍረሻ

ክሃልል ዝመፀካ አድጊ ፣ አኽቢድካ ፀዓኖ
—ሲያናፋ የመጣልህን ፣ አህያ አክብደህ ጫነው

ክህብ ኮሚሩ ፣ ክኸልእ ኮስቲሩ
—ሲሰጥ ከምሮ ፣ ሲነሳ ጠራርጎ

ክህብ ዝበለ ብንያት ፣ ክኸልእ ዝበለ ብምኽንያት
—ልስጥ ያለ በወኔ ፣ ልንሳ ያለ በምክንያት

ክልተ ለባማትእንድሕሪ ተባኢሶም፣ጭኂሮ ሒዝካ ቤተክርስቲያን ኪድ
—ሁለት አስተዋዮች ቢጣሉ፣መቆፈሪያ ይዘህ ወደ ቤተክርስቲያን ሂድ

ክልተ ሙክት ክማኸሩ ፣ አይንተሓረድ ይብሉ
—ሁለት ሙክቶች ቢማከሩ ፣ አንታረድ ይሉ

ክልተ ሳዕ በላዕካ ተፋእካ ፣ ክልተ ሳዕ ተዛሪብካ ከፋእካ
—ሁለት ጊዜ በላህ ተፋህ ፣ ሁለት ጊዜ ተናገርክ ከፋህ

ክልተ ሳዕ ትዛረብ ልሳን ፣ ወይ ንደዌ ወይ ንዕምሳን
—ሁለት ጊዜ የምትናገር ልሳን ፣ ወይ ለበሽታ ወይ ለጥፋት

ክልተ ሳዕ ዝፈርዱ ፣ ግናይ ይወልዱ
—ሁለቴ የሚፈርዱ ፣ መጥፎ ይወልዱ

ክልተ ሰኒ ይህልወአሞ ፣ ብወዲ መጉእ ትምውፀን
—ሁለት ጥርሶች ቢኖሯት ፣ በዘነዘና ትፍቃለች

ክልተ ስጋ እትበልዒ ፣ ብምድሪስ ሓሊፍክየ ብሰማይ እንድዒ
—ሁለት ስጋ የምትበዪ በመሬትስ ፣ አለፍሺው በሰማይ እንጃ

ክልተ ባላ ትኸል ፣ ሓደ ክንቀል ፣ አብ ሓደ ተንጠልጠል
—ሁለት ባላ ትከል ፣ አንዱ ሲነቀል ፣ ባንዱ ተንጠልጠል

ክልተ ናተይ ፣ ክሰቕለኩምዶ አብ ምናተይ
—ሁለታችሁም የኔ ፣ ልሸከማችሁ ወይ በትከሻዬ?

ክልተ እግሪ አለኒ ኢልካ ፣ አብ ክልተ አም አይድየብን
—ሁለት እግር አለኝ ተብሎ ፣ ከሁለት ዛፍ አይወጣም

ክልተ ዝርኢ ፣ ሐደ ነይረክብ
—ሁለት የሚያይ ፣ አንዱንም አያገኝ

ክልተ ደራሁ ፧ ኣብ ዘይሰውሐን ይበኣሳ
—ሁለት ዶሮዎች ፧ በሰው መስክ ይጣላሉ

ክልተ ደቅና ኣይተዳሉ ፧ ዝሃጐጐ መሸላ ኣይተሓሉ
—ለአንድ እናት ልጆች አታዳላ ፧ የጠወለገ ማሽላ አትጠብቅ

ክልተ ጐራሓት ፧ ሓሙኹሽቲ ስንቆም
—ሁለት ብልጦች ፧ ስንቃቸው አመድ

ክልፍልፍ ፧ ክብላ ተረድአ
—ሲክለፈለፉ ፧ ተረዱ

ክሓሙ ብብኽያት ፧ ክሞቱ ብእውያት
—ሲታመሙ በለቅሶ ፧ ሲሞቱ በኡኡታ

ክሓምዩ ይሕመዩ ፧ ክኸዱ ይስነዩ
—ሲያሙ ይታማሉ ፧ ሲሄዱ ይሸኛሉ

ክሓምዩ ይሕመዩ ፧ ኪጎዩ ይግመዩ
—ሲያሙ ይታማሉ ፧ ሲሮጡ ይሰበራሉ

ክሓምዩኻ ዕዝር በል ፧ ሰለምንታይ ነገር ? ክዛናበል
—ሲያሙህ ሂድ ፧ ለምን ? ነገር እንዲበላሽ

ክሓስሞም ፧ ይሕሾም ምስ ዓፅሞም
—ሲከፉ ፧ ይሻላል ከዘመድ ጋ

ክሓርስ ሓናጢጡኒ ፧ ክዘርእ ኣናጢሩኒ ዓገቡ ነዓይ ሂቡኒ
—ሲያርስ ነካክቶ ፧ ሲዘራ አፈናጥሮ ፧ ጥፋተኛ እኔን አድርጎ

ክሓድር ኢለ እምበር ክመሳሰል ፧ ከብደይስ መሊኡያ ከሰል
—ተመሳስየ ልኑር ብየ እንጂ ፧ ሆዴስ ከሰል ሞልተዋል

ክሕመ ከሎ ፈታዊኻ ፧ ንዓይ'ውን ከምኡ ኢልካ ስማዕ ኢኻ
—ወዳጅህ ሲታማ ፧ ለኔ ብለህ ስማ

ክመስሎ ፧ መሲልካ ንገሮ
—እንዲመስለው ፧ በምሳሌንገረው

ክመኽርዎ ልቢ ዘይገብር ፧ ከብልዕዎ ዝዓብር ፧ ነቲ ምኽሪ ክላእ ነቲ እንጀራ ክላእ
—ሲመክሩት ለማይሰማ ፧ ሲያበሉት ለሚከሳ ፧ ለዛኛውም ምክር ለዛኛው እንጀራ ንሳ

ክመኽርዎ ዝረስዐ ፣ ክብልዕዎ ዝኸስአ
—ሲመክሩት የረሳ ፣ ሲያበሉት የከሳ

ክምብል በለ እምበር አይተኻዕወን
—ክምብል አለ እንጂ ፣ አልፈሰሰም

ክምብልብል እምኒ ዘይኳነ ፣ ዘረባ ወዲ ጓና ዘይዋነ
—ድቡልቡል ድንጋይ አይካብም ፣ የባዳ ንግግር ማለቂያ የለው

ክምካሕ ክምካሕ ፣ ኣብ ርእሰይ ካሕ
—ስመካ ስመካ ፣ በኔ ላይ ደረሰ

ክምዕድዎ ዝስሕት ፣ ክሓዕብዎ ዝረስሕ
—ሲመክሩት የሚስት ፣ ሲያጥቡት የሚቆሽሽ

ክሞቱ ገመድ ፣ ክሽየሙ ዘመድ አይስአንን
—ሲሞቱ ገመድ ፣ ሲሾሙ ዘመድ አይታጣም

ክረምቲ ዝገይሽ ፣ ካብ ከልቢ ነይሓይሽ
—ክረምት ከሰው ቤት የሚሄድ ፣ ከውሻ አይሻልም

ክረምቲ እትሰግራስ ፣ ሓጋይ ተመልከታ
—ክረምት የምትሻገርበትን ፣ በበጋ ተመልከተው

ክረምትን መርዓትን ፣ አይቀላዕ
—ክረምትና ሙሽሪት ፣ አይገለጥ

ክረአ ዝመፀ ፣ ክርኢ መፂአ በለ
—ሊታይ የመጣ ፣ ለማየት መጣሁ አለ

ክረኣያ ክብላ ፣ ይእረያ
—ሊታዩ ሲሉ ፣ ይመነጠራሉ

ክረክብ ዝበለ ተዓጊሱ ፣ ክፀድቕ ዝበለ መንኲሱ
—አገኛለሁ ያለ ታግሶ ፣ እፀድቃለሁ ያለ መንኩሶ

ክራኽቡ ዝበሉ ደማሙስ ፣ ማዕዶ ንማዕዶ ኮይሮም ይረኣአዩ
—መገናኘት የፈለጉ ድመቶች ፣ ማዶ ለማዶ ሆነው ይተያያሉ

ክር በልኩኺ ዓስ በልኩኺ ፣ እንተኣበኺ ንአረደብሪ ይበልኪ
—ክስ አልኩሽ ክስ አልኩሽ ፣ እምቢ ካልሽ ለአውሬ ይዳርግሽ

ክርኢ ዝመፀ ፣ ተራእዩ ወፀ
—ሊያይ የመጣ ፣ ታይቶ ወጣ

ክርእያ ዝኸዳ ይረኢያ ፣ ክስርሓ ዝኸዳ ይንፀያ
—ለማየት ሄደው ይታያሉ ፣ ለመሰራት ሄደው ይነጫሉ

ክርእይዎ እንከለዉ ዝፀልእዎስ ፣ ምስ ሞትኩ ኣብ ደገ ሰላም ቅበሩኒ ይብል
—ለማየት የጠሉት ፣ ስሞት ደጃሰላም ቅበሩኝ ይላል

ክርእይዎ ዘየምሕር ፣ ክበልዕዎ ይቐሕር
—ሲያዩት ያላማረ ፣ ሲበሉት ያቅራል

ክርክር ካብ ግቡእካን ስራሕካን የቡክር
—ክርክር ፣ ከስራ ያስቀራል

ክሰምዕ ብወረ ፣ ክርኢ ብራረ
—ስሰማ በወሬ ፣ ሳይ በጭላንጭል

ክሰምዕ ከሎ ዝሞተ ፣ ክርኢ ከሎቐበሮ
—ሲሰማ የሞተ ፣ ሲያይ ቅበረው

ክሰምዕ ዘፅቀጠ ፣ ዓቢ እምኒ ዝተፀቐጠ
—እየሰማ ዝም ያለ ፣ ትልቅ ድንጋይ እንደተጫነ

ክሰርሓ ዝወዓላ ምመን ሓደራ ፣ እስከሉ ስራሕኪ ዝበላ ተደራ
—ሲሰሩ የዋሉ ምማቸውን አደሩ ፣ እስቲ ስራሽ ያሉ እራታቸውን በሉ

ክሰርቀኒ ዝርአኹዎ ፣ ክህበኒ ነይኣመንክዎ
—ሲሰርቅ ያየሁት ቢሰጠኝ አላምነውም

ክሰርቀኒ ዝረአኹዎ ፣ ክውስኸኒ ነይኣምኖ
—ሲሰርቅ ያየሁት ፣ ቢጨምርልኝ አላምነውም

ክሰርቕ ድፍእፍእ ፣ ኩሉ ነብሱ ክፉእ
—ለመስረቅ ደፋ ቀና ማለት ያስጠላል

ክሲ ንኸሳሲ ፣ ቆብዕ ንፈላሲ
—ክስ ለከሳሽ ፣ ቆብ ለመነኩሴ

ክሳብ ሰማይ ፣ ንብላዕ ስርናይ
—እስከ ሰማይ ፣ እንብላ ስንዴ

ክሳብ እትኣምኖ ኪድ ፣ ካብ ዘይትኣምኖ ተመለስ
—እስከምታምነው ሂድ ፣ ከማታምነው ተመለስ

ክሳብ ዝሓልፈለይ ዘመነይ ፣ ተፀጊዐ ኣለኹ ኣብ ከረነይ
—ጊዜው እስከሚያልፍልኝ ፣ ተጠግቼአለሁ ከተራራዬ

ክሳብ ዝወፀለይ ዘመነይ ፡ ዕግዕ ኢለ ይፀንሕ ኣብ ከረነይ
—ጊዜ እስከሚወጣልኝ ፡ ተጠግቼ እቆያለሁ ከተራራዬ

ክሳብ ዝዳለዉ ፡ ዳንዴር ይሐቑፉ
—እስከሚደላቸው ፡ ደንደሮ ያቅፋሉ

ክሳዳ ደጊፎም እንተለሃይዋስ ፡ ይዋእ ዘላ መሲሉዋ
—አንገቷን ደግፈው ቢያስጨፍሯት ፡ ያለች መሰላት

ክሳድ ዓሳ ከይሐረድካዩ ሕሩድ ፡ ዓስቢ ዓሳ ከይፈረድካዩ ፍሩድ
—የአሳ አንገት ሳታርደው የታረደ ነው ፡ የእረኛ ምንዳ ሳትፈርደው የተፈረደ ነው

ክሳድ ዝሞተ ፡ ነዊሕ
—የሙት አንገት ፡ ረጅም

ክሳድካ ንጋሌዶ ፡ ስጋኻ ንብርንዶ
—አንገትህ ለባልጩት ፡ ስጋህን ለብርንዶ

ክሳድካ ከሊኡ ጥዕና ይሃብካ ፡ ይብል ከፉእ ረጋሚ
—አንገትህ ነስቶ ጤና ይስጥህ ፡ ይላል ክፉ ተራጋሚ

ክስራን ከምፅአልካ ካብ ዘይክእል ነገር ፡ ኣይትፍራሕ
—ኪሳራ ሊያመጣብህ ከማይችል ነገር ፡ አትፍራ

ክስርሓ ኢለን ዝኸዳ ፡ ተነፅየን መፃ
—ፀጉራቸው ሊሰሩ ፡ ሄደው ተነጭተው መጡ

ክቑነና ከይደን ፡ ተላዕየን መፃ
—ሊሰሩ ሄደው ፡ ተላጭተው መጡ

ክቑርጥም ክቑርጥም ፡ ድዱቋ ይቑርጥም
—ሲቆረጥም ሲቆረጥም ፡ ድቀንዱቂት ይቆረጥም

ክቕመጡ ለጠቕ ፡ ክኸዱ ነጠቕ የድሊ
—ሲቀመጡ ለጠቅ ፡ ሲሄዱ ነጠቅ ያስፈልጋል

ክበሃል ሰሚዓስ ፡ ደርሆ ኣብ ጡሽአትያ
—ሲሉ ሰምታ ፡ ዶሮ ከጢስ ገባች

ክበልዑ ብሰዓት ፡ ክዛረቡ ብስርዓት
—ሲበሉ በሰአት ፡ ሲናገሩ በስርአት

ክበልዕ ዝበለ ዳኛ ፡ ክቐትል ዝበለ ደመኛ
—ልብላ ያለ ዳኛ ፡ ልግደል ያለ ደመኛ

ክበልዕዎ ዝደለዩ ኣባ ጉንባሕ ፣ ዛግራ ይብልዎ
—ሊበሉት የፈለጉትን አሞራ ፣ ይሉታል ዥግራ

ክበኪ ክብልስ ፣ ትኪ ለኸየኒ
—ላለቅስ ስል ፣ ጭስ ወጋኝ

ክቡር የኸብረካ መጠን ነብሱ ፣ ሕሱር የሕስረካ መጠን ርእሱ
—ክቡር በራሱልክ ያከብርሃል ፣ ርካሽ በራሱ ልክ ያረክስሃል

ክቡኒያ ዝበለስ ፣ ሂቡ ወድአ
—ይሰጡኛል ያለ ፣ ሰጥቶ ጨረሰ

ክብ ኢሉ አንገቱ ፣ ለጠቕ ኢሉ ጅማቱ
—ከፍ ብሎ አንገቱ ፣ ዝቅ ብሎ ጅማቱ

ክብለካ ፣ ቀደም ተሪፉካ
—ልንገርህ ፣ ቀድሞ ቀረብህ

ክብላ ሰሚዐን ፣ ይማልኣ ሰሊዐን
—ሲሉ ሰምተው ፣ አመጡ ዘንጥለው

ክብረት ፣ ካብ ስምረት
—ክብረት ፣ ከህብረት

ክብራ ንኽብራ ተኻባቢራ ፣ ንዓለም ትነብራ
—ክብሯ ለክብሯ ተከባብራ አለምን ትኖራታለች

ክብራን ክብረትን ፣ አረአኢ'ኻ ግደፍ
—ክብረቷና ክብረት ፣ አስተያየተህ ተወው

ክትህብ ብንያት ፣ ክትክልእ ብምኽንያት
—ስትሰጥ በሀብት ፣ ስትነሳ በምክንያት

ክትሞታ ግዲ ኢልክንስ ፣ ፈሲ ኣብዚሕክን
—ሊሞቱ ነው መሰለኝ ፣ ፈስ አበዙ

ክትርኢ ጉድ ትርኢ ፣ እንዳባ ገሪማ ዘሎ ቁሩሕ ዝብኢ
—ስታይ ጉድ ታያለህ አባ ገሪማ ቤተክርስቲያን ያለው የተረገመ ጅብ

ክትብድል ክትብድል ፣ ዝዓቢ ቈልዓ አይትበድል
—ብትበድል ብትበድል የሚያድግ ልጅ አትበድል

ክትአምን ፣ ተደሪራ ሓዊ ትልምን
—እንድታምን ፣ እራቷን በልታ እሳት ትለምናለች

ክትጠቡ ፈንወላ ፡ ክትቀብፅ ሕረደላ
—እንድትጠባ ልቀቅላት ፡ እንድትቆርጥ እረድላት

ክትጥሕን ዝነበረት ፡ ክትነፊ ከበረት
—ስትፈጭ የነበረች ፡ ስትነፋ ከበረች

ክትፀምእ ቡቑሊ ፡ ክትደክም በቑሊ ፡ ክትሽየም ዓቕሊ ፡ ክትጠሚ እኽሊ
—ስትጠማ ብቅል፡ስትደክም በቅሎ ፡ ስትሾም ትእግስት፡ስትራብ እህል

ክነፅፍ ዝበለ ማይ ይጨኑ ፡ ክበርስ ዝበለ ዓዲ ይዓኑ
—ሊደርቅ ያለ ውሃ ይገማል ፡ ሊጠፋ ያለ አገር ዎና ይሆናል

ክናብ ኣብ ማሕረሱ ፡ ኣባይ ኣብ መልሓሱ
—ካባያ በሬ በእርሻው ፡ ተንኮለኛ በምላሱ

ክናኽሳ ፡ ደቒ'ኖ ይሕሻ
—ሲናከሱ ፡ የእናት ልጆች ይሻላሉ

ክንበልዕ ንኽይንበልዕ ፡ ኣብ ማይ ንብፃሕ
—ብንበላ ባንበላ ፡ ውሃው ጋ እንድረስ

ክንብርኩት ከይንብርኩት ፡ ኣብ ማይ ንብፃሕ
—ብንረምጥ ባንረምጥ ውሃ ያለበት እንድረስ

ክንወፅእ ማንታ ፡ ክንፍለ ጋንታ
—ስንወጣ መንታ ፡ ስንለይ አንጃ

ክንውለድ ማንታ ፡ ክንፍለ ጋንታ
—ስንወለድ መንታ ፡ ስንለይ እንጃ

ክንደይ ዓቐብ ዘይጠረጥና ፡ በለት ኣድጊ
—ስንቱን ዳገት አልፈሳንም ፡ አለች አህያ

ክንዲ ሃብታም ትሃርፍ ፡ ክንዲ ድቁስ ተኾርፍ
—በሃብታም ፈንታ ትጐመጃለች ፡ በተኛ ፈንታ ታንኮራፋለች

ክንዲ ሓማታ ክትወልድሲ ፡ ትሽዓተ ተሪፎሙኒ በለት ዓሻ
—አማቴ የወለደችውን ያህል ለመውለድ ፡ ዘጠኝ ቀሩኝ አለች ሞኝ

ክንዲ ብፁሕ ውላድካ ኣይትምሓል፡ኣብ ዘይትወፆ ቃላይ ኣይትጥሓል
—በደረሰ ልጅህ ፈንታ አትማል ፡ ከማትወጣበት ባህር አትስመጥ

ክንዲ ቦኽሪ ወድኻ ፡ ኣይትምሓል
—ስለመጀመሪያ ልጅህ ፡ አትማል

ክንዲ ትገድፍ ትነድፍ ፡ ክንዲ ትለምዕ ትቑንድፍ
—ከምትተው ትነድፋለች ፡ ከምትለሰልስ ትሻክራለች

ክንዲ ዘኰለስኩ ፡ ኢደይ ተነኸስኩ
—ባጐረስኩ እጇን ተነከስኩ

ክንዲ ዝበልዖ ፡ በለት በሰሮ
—በምበላው ፈንታ አለች ገልቱ

ክንዲ ጋውና እምበር ፡ ክንዲ ቃውጭ ዝኸውን የለን
—ገመሮን እንጂ ፡ ጫላዳን የሚያህል የለም

ክንዲ ጣፍ ዝለመነስ ፡ ክንዲ ጣፍ ስኢኑ ሞተ
—ጤፍን የምታህል የለመነ ፡ ጤፍን የምታህል አጥቶ ሞተ

ክንዲ ጣፍ ዝበልፃኻ ፡ ክንዲ ጣፍ የፅርየካ
—ጤፍን የምታህል የሚበልጥህ ፡ ጤፍን ያሳክልሃል

ክንዳና ዘይኮና ፡ ብኣና ይዋዓላ
—እኛን የማያህሉ ፡ በኛ ይውላሉ

ክኣቱ ብኣሰር ፡ ክናገር ብበሰር
—ሲገባ በምልክት ሲናገር በጉድፍ

ክኣቱ ፈሰስ ፡ ክጠፍእ ሃሰስ
—ሲገባ ፈሰስ ፡ ሲጠፋ ዳሰስ

ክኢላ ጓል ፡ ብሓተላ እንዳማታ ትምርዖ
—ችሎታ ያላት ልጃገረድ ፡ በሰው አተላ ታገባለች

ክኸሱ ይኸሰሱ ፡ ክኸዱ ይምለሱ
—ሲከሱ ይከሰሱ ፡ ሲሄዱ ይመለሱ

ክከኣሎ ኸሎ ዘይገበረ ፡ ክጠዓሰ ነበረ
—ሲቻል ያላደረገ ፡ ሲቆጭ ኖረ

ክኸይድ ክኸይድ ፡ በሃሊ ወዳኢ ስንቂ
—ልሂድ ልሂድ ባይ ፡ ስንቅ ጨራሽ

ክኸዱ ብብልሓት ፡ ክዛረቡ ብስርዓት
—ሲሄዱ በብልሃት ፡ ሲናገሩ በስርአት

ክወስዱኒ ጐይታይ እምበይተይ ይብሉ ፡ ክመልሱኒ ፍንፅሕ ጥልዕ ይብሉ
—ሲወስዱኝ ጌታዬ እሜቴ ይላሉ ፡ ሲመልሱኝ ይለግማሉ

ክወግኡኻ ክለዉ ፡ ምድሪ ውጋእ
—ሲወጉህ ፡ መሬትን ውጋ

ክውን ፡ አይምለስ ፡ ኄህሪ አይኩለስ
—የሆነ አይመለስ ፡ ፍም አይጎረስ

ክዓብዱ ፡ ምስ ልቦም
—ሲያብዱ ፡ ከነልባቸው

ክዕሸዉ ፡ ምስ ልቦም
—እያወቁ እንዴት ይሞኛሉ

ክዳን እምበር ፡ ሕማቕ ዘረባዶ ይበሊ
—ልብስ እንጂ ፡ መጥፎ ንግግር ያረጃል ወይ

ክዳን ዘለዎ ልዑል ፡ ክዳን ዘይብሉ ድዑል
—ልብስ ያለው ልኡል ፡ ልብስ የሌለው በግ

ክድቅሱ ነገር የኾምስዑ ፡ ክትንስኡ ነገር ይርስዑ
—ሲተኙ ነገር ያላምጡ ፡ ሲነሱ ነገር ይረሱ

ክገልባ ዝደለያ አጣል ፡ ጢፍ ጢፍ ይብላ
—ሊሮጡ የፈለጉ ፍየሎች ፡ ይበረግጋሉ

ክጎዩ ዝተዓጥቅዎ ፡ ክጎዩ ይፍታሕ
—ሲሮጡ የታጠቁት ፡ ሲሮጡ ይፈታል

ክጠፍእ ዝበለ ሓሪጭ ፡ ምስ ንፋስ ይበኣስ
—ጥፋ ያለው ዱቄት ፡ ከነፋስ ጋር ይጣላል

ክጠፍእ ዝበለ ገንዘብ ፡ ኣብ ቅድሚ ዳኛ ይስዕስዕ
—ጥፋ ያለው ገንዘብ ፡ ዳኛ ፊት ይጨፍራል

ክፀድቕ ኢሉ እንተሓዘልኩዋስ ፡ ተንጠልጢላ ተረፈት
—እፀድቅ ብየ ባዝላት ፡ ተንጠልጥላ ቀረች

ክፅውዑኻ ስቕ በል ፡ ከይፀውዑካ ወይ በል ፡ እትምንታይ ነገር ክዘ
ናበል
—ሲጠሩህ ዝም በል ሳይጠሩህ አቤት በል ለምን ነገሩ እንዲበላሽ

ክፉእ ሰብ ገዛኻ አይልመድ ፡ ክሳድካ ንጋሌዶ ስጋኻ ንብርንዶ
—መጥፎ ሰው ቤትህን አይልመድ ፡ አንገትህ ለባልጩት ስጋህን
ለብርንዶ

ክፉእ ትደርፍ ፥ ኣብኡ ትተርፍ
—መጥፎ ትዘፍን ፥ እዛው ትቀር

ክፉእ ኣይትበሎ ፥ ክፉኣይ በሎ ፥ ሓሲኻ ዝብል ኣሎ
—ክፉ ነው አትበለው ፥ የኔ ክፉ ነው በለው ዋሸህ የሚል አለ

ክፉእ ከፊኡ የኽፍእካ ፥ ሓተላ የትፍእካ
—ክፉ ከፍቶ ያስከፋሃል ፥ አተላ ያስተፋህል

ክፉእ ውሉድ ነብኡ የነውር ፥ ሕማቕ ከብቲ ብቑሩብ የናብር
—መጥፎ ልጅ አባቱን ያስነውራል ፥ የማይረባ ከብት በትንሽ ያኖራል

ክፉእ ዘተ ፥ ይኽፍእ ካብ ዘመተ
—መጥፎ ምክር ፥ ይብሳል ከጥፋት

ክፉእያ በዓል ዕዳኻስ ፥ እንጣጢዕ ንሂግ ተቐበሎ
—ከመጥፎ ባለ እዳህ ፥ ተልባና ኑግ ተቀበለው

ክፍኣት ለባዊ ፥ ሰራዊ
—እያወቀ የሚከፋ ፥ ሰበበኛ ነው

ክፍእቲ ዘበን ፥ መተዓዛዘቢት ክልተ ደቂእኖ
—መጥፎ ዘመን ፥ የአንድ እናት ልጆች ታስተዛዝባለች

ክፍእቲ ዘበንሲ ካብ'ታ እትገብረካስ ፥ እታ እትገድፈልካ
—መጥፎ ዘመን ከምታደርስብህ ፥ የምትተውልህ

ክፍክር ክፍክር ፥ በለ ግዲ ፍንግል
—ሲፎክር ሲፎክር ፥ ድፍት አለ

ኮራዩ ተኾርማዩ ፥ ጎያዩ ተገማዩ
—አኩፊራ ተኮርማች ፥ ሯጭ ተሰባሪ

ኮሶ ንኣፍ ይመሮ ፥ ንፀላኢ የሕርሮ
—ኮሶ ለአፍ ይመረዋል ፥ ለጠላት ያሳርረዋል

ኮሶ ክሰትዩ ገልጠምጠም ፥ ፀባ ክሰትዩ ጠምጠም
—ኮሶ ሲጠጡ ስቅጠጥ ፥ ወተት ሲጠጡ ጭልጥ

ኮነ ኣይበልካ ነጋዳይካ ፥ ተምልሰሉ ንዘይብልካ
—ሆነ አይበልህ ነጋዴህ ፥ የምታስመልስበት የሌለህ

ኮፍ በለለይ ፥ ክብለፀልካ
—ቁጭ በልልኝ ፥ እንድጠቀምብህ

ኮፍ ኢሉም የለቅሕዎ ፣ ደው ኢሎም ይልምንዎ
—ቁጭ ብለው ያበደሩታል ፣ ቆመው ይለምኑታል

ኮፍ ኣይትበል ከም ዕኑድ ፣ ዙር ከም ዕቡድ
—ቁጭ አትበል እንደ ፈዛዛ ፣ ዙር እንደ እብድ

ኮፍ እንተበሉ ፅሕፈት ፣ ደው እንተበሉ ፅሕፈት
—ቁጭ ቢሉ ፅህፈት ፣ ቢቆሙ ፅህፈት

ኮፍ እንተበልኩ ጢና ፣ ደው እንተበልኩ ዘንጊ
—ቁጭ ብል ትንሽ እንስራ ፣ ቆም ብል ዘንግ

ኵናት ንዝወርወረ ፣ መሬት ንዝገበረ
—ጦር ለወረወረ ፣ መሬት ለገበረ

ኵናት ኣቡነዘበሰማያት ፣ ክወግእ እምበር ክውርውር ኣይረአን
—የአቡነዘበሰማያት ጦር ፣ ሲወጋ እንጂ ሲወረወር አይታይም

ኵናት ከም ወርዋሪኡ ፣ ጉራደ ወስ ከም በሃሊኡ
—ጦር እንደወርዋሪው ፣ ጎራዴ እንደ ሰንዛሪው

ኵናት ፀሎት ይደሊ ፣ ባይቶ ህማም ይደሊ
—ጦርነት ጸሎት ይፈልጋል ፣ ሸንጎ ብልጫ ይፈልጋል

ኳና ዕውርን ፣ መልቀስ ድኻን ሓደ
—የእውር ካብና ፣ የድሃ ለቅሶ አንድ ነው

ኳኽ ኣይፃዕዱ ፣ ዕውር ኣየማዕዱ
—ቁራ ነጭ አይሆን ፣ እውር አሻግሮ አያይ

ኳኽ እንተዝፅዕዱ ፣ ኣድጊ ቀርኒ መውፅአ
—ቁራ ነጭ ቢሆን ፣ አህያ ቀንድ ባወጣ

ኳደረ የመሓድር ፣ ዓቓራይ የሕድር
—ኳደሬ ያስተዳድራል ፣ ዘጋቢ ያሳድራል

ኵሕሊ ንዓይኒ ፣ መወፅ ንስኒ የድምዓሉ
—ኩል ለአይን ፣ መፋቂያ ለጥርስ ያስፈልገዋል

# ወ

ወሃቢ ኣኽባሪ ፡ ከላኢ ተገዳሪ
—ሰጪ አክባሪ ፡ ከልካይ ተግደርዳሪ

ወሃቢት ጐረቤት ፡ መበስረዊት
—የምታውስ ጐረቤት ሙያ ፡ ቢስ ታደርጋለች

ወሃባይ ፡ ነሃባይ
—ሰጪ ብልህ ነው

ወሃብ ፀባ ፡ ኣይከልእዎ ማይ ፀባ
—ወተት ለሚሰጥ ፡ አሬራ አይከለክሉትም

ወሆይ ዘይበለካስ ፡ ክለኣኽካዶ ትደሊ
—አቤት ያላለህን ሊላክህ ትፈልጋለህ ወይ

ወለዶ ዘይብሉ ዓዲ ፡ ንፋስ ዘይብሉ ዓውዲ
—ትውልድ የሌለው አገር ፡ ነፋስ የሌለው አውድማ

ወለድኡ ዘይፈልጥ ባርያ ፡ ጥንሲ ዘይብላ ሰበይቲ ፃርያ
—ዘሩን የማያቅ ባርያ ፡ አርጉዝ ያልሆነች ሴት ሌጣ

ወሉ ዝብለኒ ባዕለይ ይፈልጦ ፡ ወሉ ሓባል ዝብለኒ ባዕለይ ይፈልጦ
—ወልዱ የሚለኝን ራሴ አውቀዋለሁ፡ወልዱ ሸውራራ የሚለኝንም
ራሴ አውቀዋለሁ

ወሊደ ኣይለኣኽኩ ፡ መንኵሰ ኣይፀደቕኩ
—ወልጄ አልላኩ ፡ መንኩሼ አልፀደቅኩ

ወሊዱ ዘይሰዓመሉ ፡ ተዛሪቡ ዘይስሙዓሉ እዝጊ ፀሊእሉ
—ዉልዶ የማይሳምለት ፡ ተናግሮ የማይሰማለት እግዚአብሄር የጠላው
ነው ።

ወሊዱ ዘይስዕም ፡ ዘሪኡ ዘይጥዕም
—ወልዶ የማይስም ፡ ዘርቶ የማይቀምስ

ወሊድካ ከይወዳእካ ፡ ኣይትመካሕ
—ወልደህ ሳትጨርስ ፡ አትመካ